
# 2ይ ክፋል ዕዮ ሕታም ሕዳር-ታሕሳስ 1977



# ትምህርታዊ ዓምዲ

## ፖለቲካዊ ቁጠባ ከም መእተዊ

## ፖለቲካዊ ቁጠባ ብመጠኑ ንምርዳእ ኣብ ዝሕግዙ ኣገደስቲ ኣምራት፡፡

### 1. ማእቶት፡—

ወዲ ሰብ ከም ሰብ መጠን ምእንቲ ክነብር ጥራይ ዘይኮነ፡ መነባብሮኡ'ውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ሰና ተመሓየሽ ምእንቲ ክኸይድ ዘድልይዎ ነገራት ብውሑዱ ዝምገብ መግብን፡ ዝኽደኖ ልብስን ዝዕቆበሉ ገዛን/ባዕሉ ክፈሪ ይግባእ፡፡ ነዚ ንምግባር ከኣ ብባዕሉ ዝሰርሖም ናውቲ ዕዮ ተሓጊዙ ንዕዮኡ ብዝተፈላለየ መልክዕ ኣብ ልዕሊ ተፈጥሮ የውዕል፡፡ በዚ ኣቢሉ ከኣ ንተፈጥሮ ንሱ ከጥቀመላ ናብ ዝኽእል ነገራዊ ክብሪ ይቕይራ፡፡ እዚ መስርሕ'ዚ ብምልኡ ማእቶት ይበሃል፡፡ ማእቶት ማሕበራዊ ባህርይ ዘለዎ መስርሕ ደቂ ሰብ እዩ፡፡

ንኣብነት ሓንቲ መሸሻ እተፍሪ ቤተሰብ እንተወሲድና ካብ መጀመርታ ማለት ናይ'ቲ ግራት ደረት ካብ ምሽሳል ጀሚሩ ከሰብ ቆጥቋጥ፡ ቆጥቋጥ ምንዓዱ፡ ናውቲ ማሕረስ ጸሪብካን ኣትኪዕካን ጸሚድካን ማሕረሲ ምኽያዱ፡ ጎልጉል ምጉልጓል፡ ዘርኢ ምዝራእ፡ ሓጹር ምግባር፡ ጻህያይ ምጽህያይ፡፡ምጉሳይ፡ ካብ ተባሳዕቲ እንስሳታት ምክልኻል፡ መድሃኒት ምንስናስ፡ ምግናእ ኣኺዱካ ከሰብ ምህርትን ጉርዱን ምሕፋስን ምእካብን ዘሎ ሰንሰለታዊ ስራሓት ኩሉ ማእቶት ይበሃል፡፡

ማእቶት ክልተ ገጻት ወይ ምሳላት ኣለዎ፡፡ ንሳቶም ከኣ ሓይልታት ማእቶትን ዝምዱና ማእቶትን ይበሃሉ፡፡ ኣቐዲምና ብዛዕባ ሓይልታት ማእቶት ንርአ፡፡

## 2. ሓይልታት ማእቶት

ሓይልታት ማእቶት ንጉልበት ሰብን ዕዮ/ናውቲ ማእቶትን የጠቓልል፡፡ ወዲ—ሰብ ከሰብ ከንደይ ዝኣክል ንሓይልታት ተፈጥሮ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሩ ከምዘእተዎ ዝገልጸልና እቲ ደረጃ ምዕባለ ናይ ሓይልታት ማእቶት ስለዝኾነ፡ ንኣብ ሞንጎ ሕ ሰብን ተፈጥሮን ዘሎ ነገራዊ ዝምዱና ከብርሃልና ይኽእል፡፡

ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዓይነቱ ኮነ ብዓቐኑ እናበዝሐ ዝኸይድ ነገራዊ ድሌት ናይ ወዲ ሰብ ኣማልኢካ ንምቕራብ ብቐዳምነት እቶም ኣብ ማእቶት ወሳኒ ተራ ዘለዎም ማለት ሰብ እቲ ዘድሊ ሓይልን ፍልጠትን ተመክሮን ሒዙ ንኽቐርብ፡ እቲ ወዲ ሰብ ኣብ ዕዮኡ ዝጥቀመሉ መሳርሒ ዕዮ ድማ ከምቲ ዝድለ ዓይነትን ብዝሕን ተማሊኡ ክቐርብ ናይ ግድን ስለዝኾነ፡ ሓይልታት ማእቶት እቶም ኣብ ውሽጢ መሳርሒ ናይ ማእቶት ቀልጢፎም ዝንቀሳቐሱን ዝቕየሩን ከይኖም ይርከቡ፡፡ ምዕባሌኦም ድማ ብደረጃ ምዕባሌ ናይቲ መሳርሒ ዕዮ ይውሰን፡፡

<u>ሀ/ ጉልበት ሰብ ዕዮ/</u> ፡— ወዲ ሰብ እቶት ንምርካብ ኮነ ኢሉ ዝፍጽሞ ኩሉ ምንቅስቓሳት ዕዮ ይበሃል ዕዮ ፍሉይ ተፈጥሮኣዊ ባህርይ ናይ ወዲ ሰብ ኢዩ፡፡ ሰብ ባዕሉ ብዝሰርሖ መሳርሒ ዕዮ ተሓጊዙ ንዕዮኡ ኣብ ልዕሊ ተፈጥሮ ብምውዓል ዘድልዮ ነገራት ይረክብ፡፡ ወዲ ሰብ እቶቱ ንምርካብ ኣብ ቀጻሊ ማእቶታዊ ቃልሲ ይርከብ፡፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ቀጻሊ ዝኾነ ማእቶታዊ ቃልሲ'ዚ ኢዩ ድማ ሓዲሽ ጥበብ ናይ ስራሕን ፍልጠትን ብምርካብ፡ ተመክሮ ብምድላብ...

ወዘተ፡ ንርእሱ ዘመሓይሽን ዘማዕብልን፡ ከምኡ'ውን ነቶ ኣብ ዕዮኡ ዝጥቀመሎም ፍሉጥ ዕዮ ካብኡ ተደላይነቱ ዘመሓይሾን ዘማዕብሎን፡፡ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ስንብስታዊ ቃልሲ ኢዩ ደማ ንማእቶት ሕለብ ብዓይነቶ ኮኑ ዓቐናዎ ዘበርክት፡ ንመነባብሮ ሕለብ ደማ ዘማዕብል፡፡

ሕርሻ ከም ኣብነት እንተወሲድና እቲ ኣብ መጀመርታ ብመትከል ዘበልሐ ዕንጸይቲ/መረት ካብቲ ምህርቲ ዝሓፍስ ዝነበረ ምስቶ ዝቐሰሉ ብጭፈር መረት ካብቶ ዘዘርኡን፡ ብእንስሳታት ብዝስሓብ ናውቲ ማሕረስ ዝሓርሱን ብትራክተር ዝሓርሱን እንተናጻጸርናዮ፡ ናይ ኣብ ዝተፈላለዩ መድረኻት ምዕባሌ ዝነበሩ ሓረስቶት ፍልጠትን ተመኩሮን ብዛዕባ ሕርሻ ኮነ፡ ናይ'ቲ ንሰቶ ዝጥቀሙሉ ናውቲ ማሕረስ፡ ከምኡ'ውን ናይ'ቲ ካብ'ቲ ዝፈጸምዎ ማእቶታዊ ስራሓት ዝረኸብዎ እቶት ፈጺሙ ዘይራኸብ ኢዩ፡፡ እዚ ዘርእየና ከኣ ኣብ ቀጻሊ ማእቶታዊ ቃልሲ ወዲ-ሰብ ንበዕሉን፡ እቶም ንሱ ዝጥቀመሎም ናውቲ ዕዮን መነባብሮ ወዲ-ሰብን ከምዝቕየሩ ኢዩ፡፡

ለ/ ናውቲ ማእቶት፡- ናውቲ ማእቶት ደማ ናይ [ናውቲ-ዕዮን] ውዱዕ-ዕዮን ኢዮ፡፡ ምስ ኻልኦት እንስሳታት ክወዳደር እንከሎ ወዲ-ሰብ ድሌቱ ብዙሕ፡ ዓቕሚ ከኣ ውሑን ብምዃኑ፡ ብዘይካ ናውቲ ማእቶት እቶት ንኽ[illegible]ይዶን ሀሳቡ ንኸረጋግጽን ብዘይ ጠጠን ኣሸጋሪ ኢዩ፡፡

ሐ/ ውዱዕ ዕዮ፡- ወዲ-ሰብ ዘድልይዎ ነገራት ንምፍራይ ወይ ንምእታው ብመስርሒ ዕዮኡ ተሓጊዙ ዕዮኡ ኣብ ልዕሊኡ ኣውዲኡ ፍረ ወይ እቶት ዝህብ ውዱዕ-ዕዮ ይበሃል፡፡

ውዱዕ ዕዮ ብተፈጥሮ ዝቐርብ ኢዩ፡፡ ይኹን እምበር ከም'ቲ ሀሱ ኡ ብቐጥታ ወዲ-ሰብ ክጥቀመሉ ኣብ ዘይክእል ግዜ ንዕዮኡ ኣብ ልዕሊኡ ብምውዓል ክጥቀመሉ ናብ ዝኽእል ነገራዊ ክብሪ ይቕይር፡፡

ንኣብነት ኣብ ሓደ ፋብሪካ ዓለባ ጡጥ፡ ኣብ እንዳ መጥሓን ጥረ እኽሊ ኣብ ፋብሪካ ጨማ ቆርበት... ወዘተ፡ ውዱዕ ዕዮ ኢዩ፡፡ ብሓፈሻኡ ከረአ እንከሎ መሬት፡ ባሕሪ፡ ጫካ፡ ...ወዘተ ተፈጥሮ ከምዝቐረቦ ውዱዕ-ዕዮታት ኢዮም፡፡

መ/ ናውቲ ዕዮ፡- ኩሎም እቶም ወዲ-ሰብ ንውዱዕ ዕዮ ናብ

ከጥቀሙሉ ዝኽእል ነገራዊ ከበሪ ንምቕያር ዘጥቀሙሎም ነገራት ናውቲ ዕዮ ይበሃሉ::

ናውቲ ዕዮ እቲ ኣብ መስርሕ ማእቶት ዝዓበየ ተራ ዘጻወት ኣካል ናይ ናውቲ ማእቶት ኢዩ:: ወዲ—ሰብ ኣከባቢኡ ንምቕያር ክባብ ክንደይ ደረጃ ደፊኡ ኣሎ ወይ ተዓዊቱ'ሎ ዝምዘን ብምዕባሌ ናይ'ቲ ንሱ ዘጥቀሙሉ ናውቲ ዕዮ ኢዩ:: እምንን በትርን ዓጽምን ዘጥቀም ዝነበረ ናይ ቀደም ሰብ ኣከባቢኡ ንምልዋጥን ንምቁጽጻርን ክባብ ክንዱ'ዚ ክእለት ኣይነበሮን:: ዝጸንከረን ዝማዕበለን በብ ዓይነተን መካይን / Machines / ዘጥቀም ናይ መበል 20 ክፍለ—ዘመን ሰብ ግን ኣከባቢኡ ክባብ ክንደይ ለዊጡ'ሎ ወይ ክልውጥ ይኽእል ንኹሉ ብሩህ ኢዩ::

ናውቲ—ዕዮ ንገዛእ ርእሱ ብኽልተ ኣካላት ዝቖመ ኢዩ:: እቲ ቀዳማይ ኣካል መሳርሒ ዕዮ ከም ማሕረሻ፡ ዛባ፡ ፋስ፡ ትራክተር፡ መኪና...ወዘተ፡ ክኸውን እንከሎ እቲ ካልኣይ ኣካል ድማ እቲ ምስ ማእቶት ዝተተሓሓዘ ኣባይትን ሓይሊ ኤሌትሪክን ናይ መጎዓዝያን መራኸቢ መስመራትን ካናለታትን...ወዘተ፡ ኢዩ::

ብሓፈሻኡ ክረአ እንከሎ መሳርሒ ዕዮ ወዲ—ሰብ ንዓለም ቀይሩ ኣብ ናይ ገዛእ ርእሱ ረብሓ ምእንቲ ከውዕሎ ኡሉ ኣብ ዘካይዶ ማእቶታዊ ስረሓት ዘጥቀመሎም፡ ባዕሉ ዝሰርሖምን ዘማሓይሾምን ዘማዕብሎምን ነገራት ኢዮም::

3. <u>ዝምድና ማእቶት</u>:—

ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ ዝምድና ማእቶት ሓደ ገጽ ናይ ማእቶት ኢዩ:: ሓደ ሰብ ንበይኑ ተነጺሉ ማእቶት ንኸካይድን ንኽነብርን ስለ ዘይክእል ማእቶት ኩሉ ግዜ ማሕበራዊ ጠባይ ይሕዝ::

ሓደ ፋብሪካ ናይ ጫማ እንተወሲድና፡ ሓንቲ ጫማ ብሓደ ሰብ ኣይትስራሕን ኢያ:: ሓደ ቆርበት ብልክዕ ይቐድድ፡ ሓደ ከዓ ብልክዕ ይቐዱድ፡ ሓደ ብመኪና ይሰፊ፡ ሓደ መስማር ይወቅዕ፡ ሓደ ቁልፊ የእቱ...ወዘተ:: ሓደ ሓረስታይ እንተወሲድና'ውን ኣብ ማሕረሱ ዘጥቀሙሉ ማሕረሻ ወይ ከርፈስ ካልእ ሰብ ይሰርሖ:: ኣብ መነባብሮኡ ዘድልዮ ከዓን፡ ክርቢት፡ ጨው..ወዘተ፡ ካልኦት የፍርዩ:: ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ኢዩ ድማ ማእቶት ማሕበራዊ ጠባይ

ኣሰያ ዘበሃል፡፡

ኣብ መስርሕ ማእቶት ኣብ መንጎ ሰባት ንንሕዶሕዶም ካብ ንቕሓቶም ድሌቶም ነጻ ዝኾኑ ዝተወሰኑ ነገራዊ ዝምድናታት ይፍጠሩ፡፡ እዘም ዝምድናታት እዚኣቶም ማእቶታዊ ወይ ቁጠባዊ ዝምድናታት ይበሃሉ፡፡

ዝምድናታት ማእቶት መሰረቱ ኣብ ዋንነት ናይ ናውቲ ማእቶት ዝተመርከሰ እዩ፡፡ ናውቲ ማእቶት ብኸመይ ዝኣመሰለ ኣገባብ ከም ዝውነኑ እንተድኣ ተፈሊጡ፡ ኣንታይ ዓይነት ዝምድናታት ማእቶት ከምዘለዉ ንምፍላጡ ይከኣል፡፡ ብመሰረት'ቲ ከህሉ ዝኽእል ዓይነት ዋንነት ናይ ናውቲ ማእቶት ክኣ ክልተ ዓይነት ዝምድናታት ማእቶት ኣሰዉ፡፡

ናውቲ ማእቶት ብብሕቲ ኣብ ዝውነኑሉ ሕ ለባት ናይ ባሪያ ዋንነት፡ መስፍንነት፡ ርእሰ ማልነት/ ናይ ጭኮናን ምዝማዛን ዝምድናታት ንገበም ይርከቡ፡፡ እዚኣቶም ከኣ ካብ መሰረቶም ተጻረርቲ ዝምድናታት እዮም፡፡ ኣብ መንጎ ሓደ ገሳውን ገይታን፡ ተወፋራይን መስፍንን፡ ሸቃላይን ቡርጇዋን ዘሎ ዝምድና ናይ ምዕብሳልን ምዝማዛን ምዝራፍን ዝምድናታት እዩ፡፡

ናውቲ ማእቶት ብሓባር ኣብ ዝውነኑሉ ሕ ለባት /ፍልመ ዓስትትን ማሕበርነትን /ዓስነት// ከኣ ናይ ሕውነታዊ ምትሕግጋዝን ምትሕልላይን ክይኑ፡ ካብ መሰረቱ ዘይተጻረርቲ ዝምድናታት እዩ፡፡

ኣብ ናይ መስጋገሪ መድረኻት ግን ክልቲኦም ዝምድናታት ማለ እቲ ዝኣረገ እናደኸመ እቲ ሓዱሽ ደማ መሰረት እናሓዘ ክርኣዩሉ ፍልይ ዝበሉ ዝምድናታት ክርኣዩሉ ዝኽእሉ ኩነታት ክምዘሎ ዘይምዝንጋዕ፡፡

ኣገባብ ኣተዓዳድላ ናይ እቶትን ውልቀ—ሰባት ኣብ ማእቶት ዘሰዎ ገታን በቲ ንሳቶም ምስ ናውቲ ማእቶት ዘሰዎም ዝምድናታት እዩ ዝውሰን፡፡

ንኣብነት እቲ ዘይማዕበለ ናውቲ—ማእቶት ኣብ ሓደ ፍልመ—ዓሰዊ ሕብረተ—ሰብ ብሓባር ይውነን ስሰ ዝነበረ፡ ዕዱሳ ናይ እቶት ገመትክል ማዕርነት ይፍጸም ነበረ፡፡ ኣብ ደርባዊ ሕብረተሰባት ግን ናውቲ ማእቶት ብብሕቲ ስሰዝውነን፡ እቶም ናውቲ

ናውቲ ማእቶት ብብሕቲ ዝውንኑ ዝዓበየ እሞ ካብ'ቲ ማሕበራዊ አ
ቶት ናይ ብሕቲ ጥሪት፡ ግብሪ፡ ወለዶ፡ ከራይ፡ መኸሰብ... ወዘተ፡
ብዝብል ጉልባብ ከወስዱን ጸጉቕ መነባብሮ ከሕልፉን እንከለዉ፡ አ
ቶም ብዘይካ ጉልበቶም ካልእ ዘይውንኑ ደርብታትን ማሕበራዊያን ጉጅ
ለታትን ግን ስራሕ'ንም ቅጻል ዘኽእሎም ዱራር ዕለት ብምውሳዱ ኣይዓ
ጥሜትን ዕርቃንን ይሸኑ፡፡

ኣብ ማሕበርነት ግን ናውቲ—ማእቶት ብሓባር ስለዝውነኑ፡- ኣም
ኩሉ ከምዓቕሙ ኣብ ማሕበራዊ ዕዩ ስለዝሰተፍ፡ ዕደላ ናይ ማሕበራዊ
አቶት ብመ ትካል [illegible] ካብ ኩሉ ከም ዓቕሙ ንኹሉ ከም ስርሑ ይፍጸም
አዚ ኣገባብ እዚ ደማ ማእቶት ንምስፋሕን አቶት ንምብርካትን ስለዝ
ሕግዝ፡ ዱሌት ናይ ሕብረተሰብ ብቕጻሊ መልክዕ ክረክእን መነባብሮ
ወዓ—ሰብ ክመሓየሽን ይኽእል፡፡

4. ኣገባብ ማእቶት፡—

ሓይልታት ማእቶትን ዝምዱና ማእቶትን ብሓንባብ ተወሃሂዶም ኣገ
ባብ ማእቶት የቕሙ፡፡ ብሒጺሩ ሰባት ንምንባር ዘድልዮም ነገራት
ብኸመይ ዝኣመስሉ ኣገባብ ወይ መንገዲ ከምዘፍርይዎም፣ ዝዕደልዎም፣
ዝለውጥዎምን ከምዝህልኽዎምን ዝገልጽ መስርሕ ኢዩ፡፡

ካብ ውሽጢ ኣገባብ ማእቶት፡ ሓይልታት ማእቶት እቶም ተንቀሳ
ቓሲ'ቲን ቀልጢፎም ዝለወጡ ኢዮም፡፡ ከም'ዚ ዝኾኑሉ ምኽንያት ደማ
ሰባት ኣብ መስርሕ ማእቶት ንመሳርሒ ዕዩ ብብዝሒ ስለ ዘመሓይሹን
ናይ ማእቶት ኣገባባት ስለዘማዕብሉን ኢዩ፡፡

ሓይልታት ማእቶት ምስ ዝምዱና ማእቶት ከነናጻጽሮም እንከሎና
ሓይልታት ማእቶት ቀልጢፎም ኢዮም ዝምዕብሉ፡፡ ዝምዱናታት ማእቶት
ግን ብመጠን'ቲ ናይ ሓይልታት ማእቶት ምዕባለ ኢዮም ክምዕብሉ ዝበ
እሉ፡፡ ከምዚ ክበሃል እንከሎ ግን ዝምዱናታት ማእቶት'ውን ተመሊ
ሶም ኣብ ምዕባለ ሓይልታት ማእቶት ንጡፍ ተራ ከምዘለዎም ምዝንጋዕ
ኣየድልን፡፡

ምዕባለ ዝምዱና ማእቶት ምስ'ቲ ደረጃ ምዕባለ ናይ ሓይልታት
ማእቶት እናተሰነየ ይኸይድ ካብ ዘሎ መድረኽ፡ ማእቶት ይዕንፍዕ፡
መነባብሮ'ውን ይመሓየሽ፡፡ ምዕባለ ዝምዱና ማእቶት ካብ'ቲ ደረጃ
ምዕባለ ናይ ሓይልታት ማእቶት ንድሕሪት ኣብ ዝተጎተቱ ግዜ ግን


ማእቶት ንድሕሪት ይጉተት፡ ምዕባለ ሓይልታት ማእቶት'ውን ይቕ
የዱ፡፡

ንኣብነት ኣብ ሓደ ደርባዊ ሕብረተሰብ ዘሎ ዘይምስናይ
ናይ ሓይልታት ማእቶትን ዝምድና ማእቶትን ጉርጭት እናበልሐ
ዝኸደሉ ግዜ፡ እቲ ኣብ መንጎ ሓዱሽ ሓይልታት ማእቶትን ዝኣ
ዝምድና ማእቶትን ዘሎ ግርጭት ኣዝዩ ስለዝበልሐ፡ ማሕበራዊ
ውራ ይኽተል'ሞ ካብኡ ሓዱሽ ዝምድና ማእቶት ምስ'ቲ ሓዱሽ
ሓይልታት ማእቶት ዘሲኒ / ይምስረት፡፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ማሕበ
ታዊ ስርዓት ኣብ መንጎ ሓይልታት ማእቶትን ገለ ርግን ናይ
ዱና ማእቶትን ኪፍጠር ዝኸኣል ዘይምስናይ ግን፡ ናውቲ ማእ
ብሓባር ስለ ዝውንን፡ እቲ ዘሎ ገስጋሲ ስርዓት ነቲ ዝፍጠ
ግርጭት ብምዕዛብ፡ ዝምድና ማእቶት ምስ'ቲ ማዕባሊ ሓይልታ
ማእቶት ተሰንዩ ምእንቲ ክኸይድ፡ ኣብ'ቲ ውዱዓዊ ሕግታት
ባለ ሕብረተሰብ ተመርኲሱ ብመደብ ዘዱሩ ኣራሚ ስጉምትታት
ርስዱ ማሕበራዊ ሰውራ ኣየድልይን ኢዩ፡፡

ኣገባብ ማእቶት ምስ ነጸብራቑ ናይ ቁጠባዊ ሰረት ዝሽ
ልዕሊ—ቅርጺ ተሓዊሱ ማሕበረ—ቁጠባዊ ኣቀዋውማ የቖውም፡፡
ታሪኽ ከኣ ጎናተን ውሽጢ ትሕዝቶ ዘለወን ሓሙሽተ ማሕበረ
ባዊ ኣቀዋውማታት ኣሎ፡፡ ንሳተን ድማ፡—

1. ፍሕሙ ዓሌነት 2. ዋንነት—ባርያ 3. መስፍ

4. ርእሰ ማልነት 5. ማሕበርነት /ዴስነት/ ኢዩ




## ቁጠባዊ ገጽ ናይ ሓዱሽ መግዛእቲ

### ብንግዲ መልክዕ ዝፍጸም ምዝመዛ

ብሓፈሻኡ፣ከረአ እንከሎ ቁጠባ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብዓለም ለኻዊ ደረጃ ቀይሙ ስለዘርከብ፡ ዝኾነ ይኹን ሕብረተ-ሰብ ካብ ከባቢኡ ብፍላይ፡ ካብ ዓለም ብምልኡ ዳማ ብሓፈሻ ተነጺሉ ክነብረሉ ዝኽእል ኩነታት የለን፡፡ ኮይኑ ከንዱ ዝኾነ ዳማ ኣብ መንጎ ሃገራት ብመንገዲ ዓለም-ለኻዊ ንግዲ ዝግለጽ ደረጃኡ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ዝምድናታት ተመስሪቱ ይርከብ፡፡ ይኹን-እምበር እቲ ኣብ መንጎ ዝማዕበላ ርእሰማልያን ሃገራትን ዝምዕበላ ዘለዋ ሃገራትን ተመስሪቱ ዘሎ

ቆጠባዊ ዝምዱናታት'ሲ በቲ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ሓፈሻዊ ምኽንያት
ጥራይ ዝቖጸረ ዝምዱና ኣይኮነን፡፡

እቲ ኣብ ዋንጎ ዝማዕበላ ርእሰማላውያን ሃገራትን ዝምዕብ
ላ ዘለዋ ሃገራትን ዘሎ ቆጠባዊ ዝምዱና ናይ ቀደም ቀጥታ
ገዛእቲ፡ ናይ ሎሚ ዳማ ስውራት ገዛእቲ ዝኾና ዝማዕበላ ርእሰ
ማላውያን ሃገራት፡ ረብሓአን ንምርካብ ኢለን ኣብ ዘለዋን ቆጠ
ባውን ፖለቲካውን ልዕልነት ቀርኪሰን ብጸቕጢ ዋይ ብስቶር ም
ግዓዱ ዝመስረተኦ፡ ንሓደ ወገን ዝጠቅም፡ ነቲ ሓደ ወገን. ዳማ
ዘኽስር ቆጠባዊ ዝምዱና ኢዩ፡፡ ብሓፈሻኡ ክረአ እንከሎ እቲ
ዘሎ ዝምዱና ኣብ ዋንጎ ወሳኒን ውሳኔ ተቐባሊን፡ ኣጸጋዕን ተ
ጸጋዕን፡ ትርፊ ሓፋሽን ከሳርን፡ እናሃብተሙ ዝኸይዱን እናደኸዩ
ዝኸይዱን፡ ኣሰቃሕን ተሰቃሕን...ወዘተ፡ ዘሎ ኢዩ፡፡

እቲ ዘሎ ናይ ንግዲ ዝምዱና ትሕዝቶኡን ብሓጺሩ ብኽምዚ
ዝስዕብ ኮግለጽ ይከኣል፡፡ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ዓርጋ ካብ
70—80 % ካብቲ ዘዳልዋን መሰርሕን ጥረ ነገርን ካብ ቀደም
ብቐጥታ ዝገዝኣኣን ዝነበራ ዝማዕበላ ርእሰማላውያን ሃገራት
ይገዝኣኦ፡፡ እዚ ማለት ካኣ ዘዳልዋን መሰርሒ ይኹን ኣቑሑ ካብ
ዝደልዩኦ ናይ ወጻኢ ዕዳጋ፡ ብኽረኽቦኦ ዝኽእላ ዝሓጸ ዋጋ ንኽ
ገዝኣ ኣይከኣላን እየንማለት ኢዩ፡፡ እቲ ኣብ ዝማዕበላ ርእሰ
ማላውያን ሃገራት ዝገዝኣኦ መሰርሕን ካልእ ኣቑሑትን'ውን ብምስ
ግዜ ክብ እናበለ ዝኸይድ ዋጋታት ኢዩ፡፡

ካብ 70—80 % ናይቲ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ንደገ ዝል
እኮኦ ኣቑሑት'ውን ዝማዕበላ ርእሰማላውያን ሃገራት ኢየን ዝገ
ዝኣኦ፡፡ ብኻልእ ኣዘራርባ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ንወጻኢ
ንዝልእኮኦም ነገራት ኣብዝሓሸን ዕዳጋ፡ ብዝሕሸን ዋጋ ሸይጠን
እቶተን ንምብርካትን ሸግረን ንምፍታሕን እቲ ዘሎ ቆጠባዊ ዝም
ዱና ኣይፈቕደለንን ማለት ኢዩ፡፡ እቲ ካብ ኩሉ ዘገርም ከኣ
እቲ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ንወጻኢ ዝልእኮኦ ዛበራት ዋግኡ
ምስ ግዜ እናተሓተ ዝኸይድ ብምዃኑ ኢዩ፡፡

ብሓጺሩ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ዝካየዱ ዓለምለኻዊ ንግዲ
ብሙሉኡ ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻር ዝማዕበላ ርእሰማላውያን ሃገራት
ኢዩ፡፡ ንሱ ዳማ ሓደ መልክዕ ሒዙ ዝጎዓዝ ናይ ንግዲ ዝም

ዱና ኢዩ። ዝማዕበላ ርእሰ-ማላዊያን ሃገራት ንኢንዱስትሪያዊ ኣቶ ተን ብኸብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኹ ዝኸይዱ ከቢዱ ዋጋ ንዘምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ከሸጣ እንከለዋ፣ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ድማ ንዘፍረየኦ ሕርሻውን ማዕድናውን ጥረ-ነገራት ብካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተሓተ ዝኸይዱ ዋጋታት ንዝማዕበላ ርእሰ-ማላዊያን ሃገራት ይሸጣ ለን። ዝማዕበላ ርእሰ-ማላዊያን ሃገራት ኩሉ ግዜ ልዑል ትርፊ ሓፈ ስቲ ክኸና እንከለዋ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ድማ ኩሉ ግዜ ከሰርትን ተለቃሕትን ኮይነን ይርከባ። እዚ ኹሉ ዝተማሰቐለ ናይ ንግዲ ዝምዱ ናታት ካብ ምንታይ ዝተላዕለ ኮን ይኸውን፧

እቲ ቀደም ማለት ኣብ ግዜ ቀጥታ መግዛእቲ ነጊሱ ዝነበረ መስ ፍን-ርእሰማላዊን ርእሰማላዊን ቁጠባዊ ስርዓት፣ ሕጂ ኣብ ግዜ ናይ ባንዴራ ነጻነት'ውን ሰፊኑ ይርከብ። እቶም ቀደም ማለት ኣብ ግዜ ቀጥታ መግዛእቲ ብቐጥታ ዝገዝኡን ዝምዝምዙን ዝነበሩ ዝማዕበሉ ርእሰ ማላዊያን ናይ ወጻኢ ሓይላታት'ውን ምስ ኣዴሓርሓርቲ ደቀባት ብምትእ ስሳር ንቁጠባ ናይተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ከምኣማኸርትን ዓለምቲን ወነንቲ ናይ ዝተፈላለያ ዋኒን-ህንጻታትን ኣለቃትትን ወሃ ብቲ "ሓገዛትን" ኮይኖም ኣብ ትሕቲ ምቁጽጻሮም ከምዘወድቑን ንረብ ሓኦም ከምዘገልግላን ኪገብሩ ይረኣዩ። ብኸምዚን ወዲ ከምዘን ዝኣ መሰለ ምኽንያታት ድማ ቁጠባ ናይ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ካብ ዓለም ለኻዊ ሃጸያዊ ቁጠባ ተነጺሉ ንኽንቀሳቐስ ኣይከኣለን። እንታይ ዲኣ ነቲ ሃጸያዊ ቁጠባ ኣብ ዓለም ለኻዊ ምክፍፋል ዕዮ ዝሃበ ናይ ተጸ ጋዕትነት ተራ ንኽቕበል ይግደድ ሓሳብ እቲ ዘሎ ዝምዱና ብሰውራዊ ምንቅስቓስ ዝብተኽ /።

ኣቐዲሙ ከምዝተገልጸ ሃጸይነት ልዑል ትርፊ ዝረኽበሉ፣ ኣብ ምም ዕባል ዝርከባ ሃገራት'ውን ዝምዝመዛሉን ዝዕብለሉን ሜዳ ሓደ ንግዱ ኢዩ። ዓለማዊ ሃጸይነት ካብ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ዝረኽቦ ትርፊ ንምብዛሕ ብዙሕ ስልትታት'ዩ፣ዝጥቀም። ካብቶም ሃጸይነት ዝጥቀመሎም ዝተፈላለዩ ስልትታት ነዞም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ንምጥቃስ'ውን ይከኣል፣

1. "ሓገዝ" ወይ ልቓሕ ብምሃብ፣-

ዝማዕበላ ርእሰማላዊያን ሃገራት "ሓገዝ" ልቓሕ ወይ መቓሸሸ ብዝብል ጉልባብ ገንዘብ ንዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት እናሃባ ናይ ወጻኢ ንግደን የስፋሕፍሓ። ከምዚ ክበሃል እንከሎ ንምብዛሕትኡ ካብ'ቲ

ዝወሃብ "ሓገዝ" ወይ ልቓሕ፡ እታ ተለቃሒት ኣብ ምምዕባል ኢትር ካብ ሃገር፡ ዘድልዩ መሳርሕን ጥረ-ነገርን ካልእ ኣቕሑን ካብ'ታ ዘለቅሐት ዝማዕበለት ርእሰ-ማላዊት ሃገር ኣብ ምግዛእ ስለ እተውዕሎ ኢዩ ናይ ቀጠባ ሊቃውንቲ ከምዝምስክርዎ 4/5 ካብ'ቲ ብሕቡራት ሃገራት ኣመሪካ በብዓመቱ ንዘይምዕቡላ ዘለዉ ሃገራት ዝወሃብ "ሓገዝ" ወይ ልቓሕ ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ናይ ንግዲ ነይዓ ኢዩ ካብ 70-90 % ናይ'ቲ ብዝማዕበላ ርእሰ-ማላውያን ሃገራት ዝወሃብ "ሓገዝ" ወይ ልቓሕ'ውን ምስ ናይ ወጽኢ ንግዲን ዝተዋየደ ኢዩ፡፡

ብኸምዚ ኣቕዲሙ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ካብ ዝማዕበላ ርእሰ-ማላውያን ሃገራት ናብ ዘይምዕቡላ ዘለዋ ሃገራት ዝሽየጥ መሳርሕን ካልእ ኣቕሑትን ብዓይነቱ ደሓር ዝበለ ክይኑ፡ ዕዳጋ'ውን ዝሰኣነ ኢዩ፡፡ ብተወሳኺ እቶም ብኸምዚ ዝኣመሰለ ኣገባብ ዝሽየጡ መሳሪሒታት፡ ጥረ ነገራት ...ወዘተ፡ ካብ'ቲ ልሙድ ዋግኦም ኣብ ዕዳጋ፡ ካብ 10-15 %. ካብ ኢሰም ኢዩም ንተለቃሕቲ ወይ ተቐበልቲ "ሓገዝ" ዝሽየጡ፡፡ እዚ ሓደ መልክዕ ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ዝማዕበላ ርእሰ-ማላውያን ሃገራትን ዘይምዕቡላ ዘለዋ ሃገራትን ዘሎ ዘይቕዛነቶ ናይ ንግዲ ዝምድና ኢዩ፡፡ ኸምኡ'ውን እዚ ሓደ ካብቶም ብዙሓት ዝማዕበላ ርእሰ-ማላውያን ሃገራት ዋጋ ናይ ዝሸጥኦ ኣቕሑት ንምብባር ዝጥቀማሉ ኣገባባት ኢዩ፡፡

2. <u>ኣደላዪ ናይ ቀረጽ ቅዋም ብምሽጋል</u>:—

ቀጻልነት ናይ'ቲ ብንግዱ መልክዕ ካብ ዘይምዕቡላ ዘለዋ ሃገራት ዝረኽብዎ ረብሓ ንምርግጋጽ፡ ሃጸያውያን ዝተፈላለዩ ስልቲን ቅሉዕን ስጕምትታት ይወስዱ፡፡ ቀረጽ ደማ ሓደ ካብ'ቲ ቀጥታዊ ዝኾነ ስጕምቲታቶም ኢዩ፡፡

ኣድላዪውን ዓብላልን ዝኾነ ናይ ቀረጽ ቅዋም ይሽትሉ፡፡ ካብ ዘይምዕቡላ ዘለዋ ሃገራት ናብ ዝማዕበላ ርእሰ-ማላውያን ሃገራት ዝለኣኽ ሕርሻዊ ይኹን መዕደናዊ ጥረ-ነገራት ገሊኡ ብዘይ ቀረጽ ክኣቱ እንከሎ ምብዛሕትኡ ደማ ውሑድ ቀረጽ ይኸፈሉ፡፡ እዚ ማለት ደማ ጥረ ነገራት ካብ ዘይምዕቡላ ዘለዋ ሃገራት ናብ ዝማዕበላ ርእሰማላውያን ሃገራት ንኽኣቱ ዘተባብዕ ማለት'ዩ፡፡ ኣብ ልዕሊ ካብ ዝምዕቡላ ዘለዋ ናብ ዝማዕበላ ር ማላውያን ሃገራት ዝለኣኽ ውጹእ

ወይ ሓውሲ ውዱእ ኣቑሑት ወይ ነገራት ግን ከቢዱ ቀረጽ ይገብሩ። እዚ ድማ ነቲ ብዝማዕበለ ዘለዋ ሃገራት ዝግበር ፈተነ ውዱእ ኣቑሑት ንወጻኢ ንምልኣኽ / ንምጉንዓብ ተባሂሉ ዝግበር ኢዩ።

ንኣብነት ኣባላት ናይ ኤውሮጳ ናይ ሓባር ዕዳጋ ዝኾና ዝማዕበላ ርእሰማላውያን ሃገራት ኣብ ልዕሊ ካብ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ዝመጽእ ካካዎ ጥረ / 5 %. ጥራይ ክቕርጹ እንከለዋ፡ ኣብ ልዕሊ ካካዎን ጨሪጭ / ዘይቲ ናይ ካካዎን ግን 136 %. ይቕርጻ። ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ትምባኾ ጥረ / 28 % ጥራይ ክቕርጻ እንከለዋ፡ ኣብ ልዕሊ ሽጋራ ግን 180 %.ይቕርጻ።

እዚ ኩሉ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ኣብ ሃሃገረን ፋብሪካታት ወይ ኣብያተ ዕዮታት መስሪተን ንወጻኢ ውዱእ ወይ ሓውሲ ውዱእ ኣቑሑትን መሳሪሒታትን ብኽቡር ዋጋ ሸይጠን ረብሓን ምእንቲ ከይ ሕልዋ ዝግበር ኢዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ጥረ-ነገራት ንዝማዕበላ ርእሰማላውያን ሃገራት ብሕሱር ዋጋ ሸይጠን፡ ኣብ ዝማዕበላ ርእሰማላውያን ሃገራት ንዝተሰርሑ መሳሪሒታትን ካልእ ኣቑሑትን ክኣ ብኽቡር ዋጋ ንኽገዝኣ ተባሂሉ ዝግበር ኢዩ።

ከምኡ'ውን ዝማዕበላ ርእሰ-ማላውያን ሃገራት ኣብ'ቲ ዘለወን ቁጠባዊ ልዕልነት ተመርኲሰን ንሳተን ንወጻኢ ዝልእኽኦም መሳሪሒታትን ኣቑሑትን ብዘይ ቀረጽ ወይ ብትሑት ቀረጽ ናብ ዕዳጋ ናይተን ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ምእንቲ ክኣቱ ዘድሊ ጸቕጥን ተጽዕኖን ይገብራ ኢየን።

በዚ ኮይኑ በቲ፡ እቲ ኹሉ ዝማዕበለ ርእሰማላውያን ሃገራት ዝወሰድኦ ስጕምትታት ነቲ ንረብሓ ሃጸይነት ዝሕሉ ኣብ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ተመስሪቱ ዘሎ መስፍነ-ርእሰማላዊን ርእሰማላዊን ቁጠባዊ ስርዓትን ነቲ ዘሎ ዘይተዛነቐ ንግዳዊ ዝምድናታትን ከምዘለዎ ንምጽናሕ ኢዩ።

3. <u>ዋጋታት ብምውሳን</u>:—

ዝማዕበለ ርእሰማላውያን ሃገራት ብተዘዋዋሪ ይኹን ብቐጥታ ዋጋታት ናይ ምውሳን ቁጠባዊ ክእለት ኣለወን። ከምኡ ከንዲ ዝኾነ ድማ ንሳተን ንወጻኢ ንዝልእኽኦ መሳሪሒታትን ካልእ ኣቑሑትን ብኽ

ር

ቡር ዋጋ ኪሸጣ፡ ካብ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ንዝገዝኣኦ ጥረ-ነገራት ድማ ብትሑት ዋጋ ኪገዝኣ ይርከባ፡፡

ዘሎ ፍልልይ ናይ ዋጋ ብመጠኑ በቲ ዘሎ ፍልልይ ናይ ደረጃ ምዕባለ ናይ ሓይልታት ማእቶት ዝውሰን'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ዝዓበየ ተራስ ዱሌት ናይተን ቁጠባዊ ሓይሊ ዘለወን ዝማዕበላ ርእሰ-ማላዊያን ሃገራት ኢዩ፡፡

እቲ ዋጋ ናይ ዝማዕበላ ርእሰ-ማላዊያን ሃገራት ዘሸጥኦ መሳሪሒታትን ካልእ ኣቕሑትን ምስ ግዜ መመሊሱ እናወሰኸ ክኸይድ እንከሎ፡ ምስኡ ተመዛዚኑ ክረአ እንከሎ ግን ዋጋ ናይ'ቲ ብዘምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ዝሸየጥ ጥረ-ነገራት እናተሓተ ይኸይድ፡፡ ከምኡ ክንዲ ዝኾነ ድማ እቲ ብንግዲ መልክዕ ዝመጽእ እቶት ናይ ዝማዕበላ ሃገራት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኸ ክኸይድ እንከሎ፡ እቲ ዘምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ዘጁንፈን ክስራን ድማ እናወሰኸ ይኸይድ፡፡

ንኣብነት ኣብ መንጎ 1955 — 1959 ዓ.ም.ፈ. ጥራይ ዋጋ ናይ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ዝሸጥኦ ጥረ-ነገራት 15 %ንታሕቲ ወሪዱ፡፡ ብሰንኪ'ዚ ድማ ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ዓመታት ጥራይ ኣፍሪቃ ክሳብ 600 ሚልዮን ናይ ኣመሪካ ዶላር ከሲራ፡፡ ሊቃውንቲ ከምዝገመትዎ ድማ እዚ ክስራን'ዚ ዕጽፊ ናይ'ቲ ኣብ'ቲ ዝተጠቕሰ ዓመታት ካብ ዝማዕበላ ርእሰማላዊያን ሃገራት ብመልክዕ "ሓገዝ" ወይ ልቓሕ ንኣፍሪቃ ዝተዋህበ ኢዩ፡፡

ናይ ቁጠባ ሊቃውንቲ ከምዝብልዎ ኣብ መንጎ 1961—66 ዓ.ም.ፈ. ጥራይ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት ብምኽንያት ምኽባር ዋጋ ናይ'ቲ ካብ ዝማዕበላ ሃገራት ዝገዝኣኦ መሳሪሒታትን ኣቕሑትን በብዓመቱ ብገምጋም ክሳብ 2.200 ሚልዮን ናይ ኣመሪካ ዶላር ከሲረን ኣለዋ፡፡ ብተወሳኺ እቱ ዝተዋህበ ግምት ከምዝብሎ ካብ ዘሎ ዘይዛነቕ ንግዲ ጥራይ ሃጸያዊያን ካብ ዝምዕብላ ዘለዋ ሃገራት በብዓመቱ ካብ 14.000 ክሳብ 16.000 ሚልዮን ናይ ኣመሪካ ዶላር ገምጋም ትርፊ ይረኽባ ኢየን፡፡

እዚ ኹሉ ተጠቓሊሉ ዘርእዩና ናይ ባንዴራ ነጻነት ተረኺቡ ሓደ-ሓደ ዓቕናዊ ለውጥታት ክመጽእ ይኽኣል እምበር፡ እቲ ቅድም ዝነበረ መስፍነ-ርእሰማላዊን ርእሰ-ማላዊን ስርዓት ነጊሩ ክሳብ ዘሎ ግዜ ቁጠባዊ ምዝመዛን ፖለቲካዊ ተጽዕኖን ናይ ሃጸይነት ኣብ

ልዕሊ ዝምዕብሳ ዘለዋ ሃገራት ከምዘይቱርፍ ኢዩ። ካብኡ ሓሊፉ አቢዶኣ እቲ ምዝመዛን ጸቕጠትን መመሊሱ እናደልደለ ከምዝኸይድ የብርሀ። ካልእ ዝሕብረልና ነገር እንተልዩ እቲ ጭኡን ሓፋሽ ህዝቢ መሰረታዊያን ናይ ፖለቲካን ቁጠባን ማሕበራውን መሰላቱ ንኽምልስ ብሰውራዊ ኣገባብ ከሳብ መጨረሽታ ከቃለስ ከምዘለዎ ኢዩ።